# እስላምካ ክስታንካ ሕፈር እንክትሕርሓር ብዳሽዓት (ISIS)

ብኣስፍሃ ገብረመድህን

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ባዕልካ ረኣዮ እዚ ዘለናዮ።

እወ ባዕልኻ ረኣዮ እዚ ዘለናዮ።

ልብና ተሪሩ ናባኻ ከይንምለስ

ትም ኢልና ተጋለብና ከም በቕሊ ከምፈርስ

ልኡኽካ ዘይትሰድድ መኼዳ ዝቅልስ

ካብዚ ዘለናዮ ማሕለኻ ዝመልስ

ህዝቡ ዘመሓድር ካብ ተሳእነ ዳኛ

ፍትሒ ውን ተረሲዑ ተጠፍኤ ሓቀኛ

እስኻንዶ ተለሊ ዓማጺ ግፍዐኛ

ንጽወዓካ ኣሎና ክትከውን መንጎኛ



ንሕና ተኣበና ምልማን ናባኻ

ልቢ እግሪ ኮይኑ ተሰኣነ ማሕለኻ

ብጨላቕዕ ደቅኻ ትም ድዩ መልስኻ።

ሓቢርና ከይንልምን እግዚዮ ከይንቢል

ጓይላ ተፈተና ንጸሎት ጸሊእና

እስክትሽም ክንቢል ከነሕጉስ ስጋና

ሓጎስን ሓዘንን ምፍላይ ተሰኣና፣

እስኻ ኸ ትም ትብል ትጭክን ከማና?

ኣይደቅኻ እንዶ ግዲ ብደም ተዓደግና (2)

መላልሶ ደኣ ሞት ንቡር ግበረልና (2)

ከይሓመምና ከይሰንከልና ከይወዓልና ኣብ ኩናት

ከም በጊዕ ክንሕረድ ብዳዕሽ ጨካናት

ቀይረልና ደኣ እታ ንብርቲ ሞት (እወ 2)

ሕፈር ኤርትራዊ ኢትዮጵያዊ'ውን ሕፈር

ሕፈር ዎኣስላማይ ዎክስታናይ ሕፈር

እንታይ ዝበለ ውርደት'ዩ ብዳዕሽ ክትድፈር

የእዳውካ ተጠሚሩስ ብኻራ ክትሕርሔር

ዋይ ዘመን ፤ ኣነ ሓፊረ ኣለኹ

ከማይ ዶ ትሓፍሩ

ትሓብሩ ዶ ሕጂ ብሓደ ክትመኽሩ

ንምንታይ ንእከብ እንድሕር ዘይንመክር

ነዚ ከይድገም እንድሕር ዘይንጽዕር

ንድሕነት ዜጋታት እንድሕር ዘይንምስጥር

ኣበይ ኣሎ ሰብ ምኺን ወዲ ኣዳም ፍጡር

ባዕልኻ ረኣዮ እዚ ናትና ስጊንጥር (2)

ኣታ ኣብ ሰማይ ትነብር ልዑል ምቕማጥካ

ኣብ ኩልና እኮ ኣሎ እቲ ቅዱስ ቃልካ

ኣነ ከምለሰኩም ተመለሱ ምባልካ

እንተ ሰዓረና ኸ እቲ እከይ ፍጥረት

ጥምቀትካ መስጊድካ ተጠለምና ተወዓልና ኣብ ክሕደት

ሓሳብና ተዓለወ ተፈጸምና ጥልመት

ኣሕሊፍካ ዶ ትበና ንበደውን ዳሽዓት?



ቀለቦም ዶ ንኹን ንመሮር ኣራዊት

ፈቐድኡ ክንጠፍእ ኣብ ባሕሪ ቀላያት

ንዓደኣ ምለሶ ኣቐርሮ እዚ መዓት (2)

ኣንታ ኣማሓዳሪ ናይ ማእከል ናይ ወሰን

ልኡኽካ'ባ ስደድ ህዝብኻ ንምድሓን

ካልእ እኮ የሎን ናትካዩ እቲ ስልጣን

ካልእ ከይንውስኽስ በዚውን ተመስገን (2)

እዚ ዘለናዮ ባዕልኻ ረኣዮ

እወ እዚ ዘለናዮ ባዕልኻ ዳንዮ።

ኣሜን ወ ኣሜን።

ኣስፍሃ ገብረመድህን ካብ ሕምብርቲ ኣመሪካ።